# ቴምፑስ - ንኹለን መዋእለ-ሕጻናትን ፍሪቲስን ዝምልከት ሓድሽ ስርዓት

29 ጉንበት፡ ኩለን መዋእለ-ሕጻናትን ፍሪቲስን(ትካላት ንጥፈት ድሕረ-ትምህርቲ) መደብ ንምውጻእ፡ ብኩሪት ንምሕባርን ዕረፍቲ ንምሕታትን ዝጥቀማሉ ዝነበራ ስርዓት ክቕይረኦ እየን። እዚ ሓዲሽ ስርዓት ቴምፑስ ይበሃል። ስለ'ዚ ከም ወላዲ ካብ ዕለት 29 ጉንበት ጀሚርኩም ኣብ ቴምፑስ ሎግኢን ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ንምግባር ኣብ መካነ-መርበብናን(ዌብሳይት) ኣብ ኣፕን ባንክ-ኣይዲ ተጠቂምኩም ክትገብርዎ ትኽእሉ ኢኹም።

## ነዚ ኣብ ቴምፑስ ትገብርዎ

ነዞም ዝስዕቡ ኣብ ቴምፑስ ከተካይድዎም ትኽእሉ፤

- ናይ ውላድኩም መደብ(ሼማ) ክትምዝግብዎ ትኽእሉ
- ዕረፍቲ ውላድኩም ከተመልክቱ ትኽእሉ
- ብኩሪት ውላድኩም ክትሕብሩ ትኽእሉ(ነዚ ኣብ ዩኒኩም እዉን ክትገብርዎ ትኽእሉ ኢኹም)
- ውላድኩም መጺኡ መን ከም ዝወስዶ ተመልክቱ
- መራኸቢ ሓበሬታኹም ትምዝግብዎ
- መዘኻኸርታ ይወሃበኩም

## ቴምፑስ ኣብ ኣገልግሎት መካነ-መርበብን ኣፕን ኣሎ

ቴምፑስ ኣብ መካነ-መርበብን ኣብ ኣፕን ኣለኩም። ኣብ መካነ-መርበብ(ዌብሳይት) ትገብርዎ ኣብ ኣፕ እዉን ክትገብርዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ናይ ቴምፑስ መካነ-መርበብ ኣብ'ዚ ኣለኩም larknuten.se። ነታ ክትገብርዋ ትደልዩ ጠውቕዎ። ንኣብነት መደብ ክትምዝግቡ እንተደሊኹም ነዛ ”Lägg in schema” ትብል ትጥውቕዋ። ድሕሪኡ ብቐጥታ ናብ ቴምፑስ ሎግኢን ተግብረኩም።

እታ ኣፕ ቴምፑስ ሄማ(Tempus Hemma) ትበሃል። ኣብ'ዚ ዝስዕብ ኣቲኹም ከተውርድዋ ትኽእሉ፤ App Store ከምኡ'ውን ኣብ Google Play።

## ኤ-መንነት ተጠቂምኩም ሎግኢን ግበሩ

ኣብ'ቲ መካነ-መርበብ ወይ ኣፕ፡ ኤ-መንነት ገይርኩም ንኣብነት ባንክ-ኣይዲ፡ ሎግኢን ትገብሩ ትኽእሉ።ብገለ ምኽንያት ኤ-መንነት እንተ ዘይብልኩም ብኢሜል larknuten@katrineholm.se ተጠቂኩም ካብ ለርክኑትሰን ሓገዝ ሕተቱ። ካብ ዕለት 29 ጉንበት ጀሚርኩም ኣብ ቴምፑስ ሎግኢን ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ክልቲኡ፤ ኣብ መካነ-መርበብን ኣብ ኣፕን።

## ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ katrineholm.se ኣለኩም

ነዚ ናብ ቴምፑስ ምቕያር ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ katrineholm.se/tempus ኣለኩም። ኣብ'ዚ ዝውቱራት ሕቶታትን መልስታቶምን ከምኡ'ውን ነቲ ቴምፑስ ከመይ ገይርኩም ከም ትጥቀምሉ ዝሕብር ፊልም ኣለኩም።

## ናይ'ዘን ትካላት ሰራሕተኛታትን እቲ መወከሲ ማእከልን ይሕግዙኹም

ቴምፑስ ብዝምልከት ሕቶታት እንተለኩም ወይ ሓገዝ እንተ ደሊኹም ነተን ኣባላት መዋእለ-ሕጻናት ወይ ፍሪቲስ ተወከስወን። ኣብ Djulögatan 31B ዝርከብ መወከሲ ማእከል(ኮንታክት ሰንተር) መጺኹም እውን ክትሓቱ ትኽእሉ። እዚ መወከሲ ማእከል ብዘይካ ቀዳመ-ሰንበት ካብ ሰዓት 10፡00 ክሳብ 16፡00 ክፉት እዩ።